Arbetsförmedlingen

Tigrinja

Faktablad för arbetssökande –
Stöd och matchning – mer stöd i
jobbsökandet

2014-12

# ደገፍን ምጽማድን - ዝያዳ ደገፍ ኣብ ስራሕ ምንዳይ

*ደገፍን ምጽማድን፥* ሓደ ኣገልግሎት ነዓኻ ዝሰማማዕ ጽዑቕን ውልቃውን ደገፍ ኣብ ስራሕ ምድላይ ዘድልየካ ኢዩ። እዚ ኣገልግሎት ብግላውያን ኣስነቕቲ ትካላት፤ ውዕል ምስ ቤት ጽሕፈት ስራሕ ኢዩ ዝቐርብ፡ ንስኻ ከኣ ናብ መንገዲ ስራሕ ዝመርሕ ጽኑዕ ዝኾነ ሓጋዚ ኢድ ትረክብ። እቲ ሓገዝ ከኣ ስራሕ ንምንዳይ ንዋትን ርኽክብ ምስ ወሃብ ስራሕ ምትእስሳርን ክኸውን ይኽእል። ኣየናይ ናይ ኣገልግሎት ኣስናቒ ከምትጥቀም ባዕልኻ ኢኻ ትመርጽ። ዕላማ ናይ ደገፍን ምጽማድን ከኣ ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ዝቐልጠፈ ጊዜ ስራሕ ንኽትረክብ ወይ ትምህርቲ ንኽትጅምር ኢዩ።

## ምንዮትካን ኣድላይነትካን ኢዩ ዝውስን

ኣብ ናይ ደገፍን ምጽማድን ንኽትሳተፍን ኣየናይ ደረጃ ናይ ደገፍ ንኽትወሃብን፤ ናትካ መራኸቢ ስራሕ ኢዩ ዝግምግሞ። እቲ ኣገልግሎት ኣርባዕተ ዝተፈላልየ ደረጃታት ኣለዎ፡

### መባእታዊ ደገፍን ምጽማድን

ሓገዝ ንስራሕ ምንዳይካ፡ ምስ ስራሕ ምጽማድ፤ ከምኡ እውን ርኽክብ ምስ ወሃብ ስራሕን መርበብን።
**ሕንጻጽ መድብ 1፡** ብዝወሓደ 30 ደቒቕ ውልቃዊ ዝርርብን፡ ኣብ ሰሙን ኣርባዕተ ሰዓታት ንጥፈታትን። (3 ወርሒ)
**ሕንጻጽ መድብ 2፡** ብዝወሓደ 30 ደቒቕ ውልቃዊ ዝርርብን፡ ኣብ ሰሙን ትቾዓተ ሰዓታት ንጥፈታትን። (3 ወርሒ)

### መባእታዊ ደገፍን ምጽማድን ብናይ ቋንቋ ደገፍ

ከም ናይ መባእታዊ ደገፍን ምጽማድን፤ ሓደ ዝዓይነቱ ግን ብናይ ኣደኻ ቋንቋ ትሳተፍ፡ ብኻልእ ጽቡቕ እትመልኮ ቋንቋ ወይ ብናይ ተርጓሚ ሓገዝ ኢኻ ትሳተፍ።
**ሕንጻጽ መድብ 1፡** ብዝወሓደ 45 ደቒቕ ውልቃዊ ዝርርብን፡ ኣብ ሰሙን ኣርባዕተ ሰዓታት ንጥፈታትን። (3 ወርሒ)
**ሕንጻጽ መድብ 2፡** ብዝወሓደ 45 ደቒቕ ውልቃዊ ዝርርብን፡ ኣብ ሰሙን ትቾዓተ ተወሳኺ ሰዓታት ንጥፈታትን። (3 ወርሒ)

### ድልዱል ደገፍን ምጽማድን

ዝያዳ ጊዜ ኣብ ኣስነቕቲ ካብ ኣብ መባእታዊ ደረጃ።
**ሕንጻጽ መድብ 1፡** ብዝወሓደ 30 ደቒቕ ውልቃዊ ዝርርብን፡ ኣብ ሰሙን ሸሞንተ ሰዓታት ንጥፈታትን። (3 ወርሒ)
**ሕንጻጽ መድብ 2፡** ብዝወሓደ 30 ደቒቕ ውልቃዊ ዝርርብን፡ ኣብ ሰሙን ዓሰርተ ክልተ ሰዓታት ንጥፈታትን። (3 ወርሒ)
**ሕንጻጽ መድብ 3፡** ብዝወሓደ 30 ደቒቕ ውልቃዊ ዝርርብን፡ ኣብ ሰሙን ዕስራ ሰዓታት ንጥፈታትን። ናይ ስራሕ ልምምድ የጠቓልል። (3 ወርሒ)

### ድልዱል ደገፍን ምጽማድን ብናይ ቋንቋ ደገፍ

ዝያዳ ጊዜ ኣብ ኣስነቕቲ። ብቋንቋ ኣደኻ ኢኻ ትሳተፍ፡ ብኻሊእ እትመልኮ ቋንቋ ወይ ብሓገዝ ተርጓሚ።

**ሕንጻጽ መድብ 1፡** ብዝወሓደ 45 ደቐቕ ውልቃዊ ዝርርብን፡ ኣብ ሰሙን ሸሞንተ ሰዓታት ንጥፈታትን። (3 ወርሒ)
**ሕንጻጽ መድብ 2፡** ብዝወሓደ 45 ደቐቕ ውልቃዊ ዝርርብን፡ ኣብ ሰሙን ዓሰርተ ክልተ ሰዓታት ንጥፈታትን። (3 ወርሒ)
**ሕንጻጽ መድብ 3፡** ብዝወሓደ 45 ደቐቕ ውልቃዊ ዝርርብን፡ ኣብ ሰሙን ዕስራ ሰዓታት ንጥፈታትን። ናይ ስራሕ ልምምድ የጠቓልል። (3 ወርሒ)

እቲ ትሕዝቶ ናይ እቲ ኣገልግሎት ድሕሪ ንስኻን ኣስናቺኻን ስራሕ ንኽትረክብ፣ እንታይ ክትገብርን ወይ ክትመሃርን ከም ዘድልየካ በቲ እትግምትዎ ኢዩ ዝሳነ።
ኣብቲ ደገፍን ምጽማድን ንሰለስተ ወርሒ ምስ ተሳተፍካ፣ ከመይ ከምዝኸደ ገምጋም ንወስድ። ንሰለተ ወርሂ ከነናውሖ ንኽእል ኢና፡ ክሙኡ እውን ኣብ ፍሉይ ኩነታት ሰለስተ ወርሒ ዝያዳ ከነናውሕ ንኽእል ኢና። ኣብ ደገፍን ምጽማድን እንተነውሐ ትቾዓተ ወርሒ ኢኻ ክትሳተፍ ትኽእል።

### ካብቲ ኣገልግሎት ነዚ ዝስዕብ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ

እንታይ ዓይነት ትሕዝቶ ኣገልግሎት ከም እትረክብ፣ ምንዮትካን ኣድላይነትካን ኢዩ ዝውስኖ። ገለ ኣብነታት፡ ደገፍ ስራሕ ንምርካብ፡ ሓገዝ ናይ ስራሕ መመልከቲ ሰነዳት ንምፍጣር፡ ርኽክባት ምስ ወሃብ ስራሕ፡ ድርኺታዊ ዝርርብ፡ ምምህርና ናይ ኮምፑተር ፡ ምምራሕ ትምህርትን-ሞያን፡ ኣስተምህራዊ ብጽሖ፡ ኣብቲ ናይ ስራሕ ቦታ ዝካየድ ንጥፈታት፡ ናይ ቋንቋ ትምህርትን ዝያዳ ካልእን።

## ኣስናቺ ትመርጽ

ናብ ኣየናይ ኣስናቺ ከም እትኸይድ ባዕልኻ ኢኻ ትመርጽ። ኣብ ኣርበትስፎርመድሊንገን.እስአ ኣብ ትሕቲ ሰለዳ ደገፍን ሓገዝን፡ ከመይ ገርካ ከምእትደሊ ናይ ኩሎም ኣስነቕትን መልመልትን ሓበሬታ ኣሎ። ክትመርጽ ከለኻ ንኣብነት ናይ ኣስናቺ ስነ ኣገባብ፡ ቋንቋ፡ ፍልጠት ቅርንጫፍ ወይ ካልእ ውሕልነት ርአ። ኣብ እትቕመውጠሉ ቦታ እውን ኣስናቺ ክትደሊ ትኽእል ኢኻ። ብድሕሪኡ ኣየናይ ኣስናቺ ከም ዝመረጽካ ንመራኸቢ ስራሕካ ሓብር።

## ብኸምዚ ኣገባብ ይሰርሕ

1. እቲ መራኸቢ ስራሕ ኣገልግሎት ደገፍን ምጽማድን ከምእትወሃብን፡ ኣየናይ ደረጃ ብዝበለጸ ከምዝሰማማዓካን ይውስን።
2. ንስኻ ኣስናቺ መሪጽካ ንመራኸቢ ስራሕካ ትሕብር።
3. ኣስናቺ ቐዳማይ ኣኼባ ንምግባር ምሳኻ ርኽክብ ይገብር። ኣፈናዊ ዝርርብ ከመይ ገርካ ብዝቐልጠፈ ስራሕ ንኽትረክብ መደብ ተውጽኡ።
4. ኣብቲ ጊዜ ኣብ ደገፍን ምጽማድን እትሳተፈሉ፣ ኣቲ መደባትካ ናይ ቤት ጽሕፈት ስራሕ፡ ስራሕ ምድላይን ናይ ንጥፈታት ጸባጸብ ምግዳፍን ልክዕ ከምቲ ልሙድ ክትቅጽሎ ኣለካ።
5. ድሕሪ ሰለስተ ወርሒ ንስኻን መራኸቢ ስራሕካን ከመይ ከም ዝኸድካ ትግምግምዎ፣ ወይ ሰለስተ ወርሒ ዝያዳ ናይ ደገፍን ምጽማድን ዘድልየካ እንተ ኾይኑ ትግምቱ።

## ኣኽእሎ ምቕያር ኣስናቺ

እንተ ደኣ እቲ እትረኽቦ ደገፍ ምስ ኣድላይነትካ ዘይማዘን ኮይኑ ኣስናቺ ንኽትቅይር ኣኽእሎ ኣለካ። ኣስናቺ ንኽትቅይር ሓገዝ ንኽትረክብ፣ ምስ መራኸቢ ስራሕካ ርኽክብ ግበር። ናይ ምቁራጽ ሓበሬታ 14 መዓልቲ ኣለካ፡ እዚ ማለት ከኣ ኣብዚ ጊዜ እዚ ምስ እቲ ዘለኻዮ ኣስናቺ ኢኻ ትጸንሕ። ምስ

Arbetsförmedlingen

ሓዲሽ ኣስናቖኻ ካብቲ በጺሕካዮ ዝነበርክካ ኣገልጎት ኢኻ ትቕጽል፡ እዚ ማለት ከኣ ከም ብሓድሽ ናይ ሰለስተ ወርሒ እዋን ኣይትጅምርን ኢኻ።

እንተ ደኣ ገለ ኣቤቱታ ኣብ ልዕሊ ኣስናቖኻ ኣለካ፡ ኩሉ ጊዜ ምሳና ርኽክብ ክትገብር ከምዘለካ ሕሰበሉ።

እንተ ደኣ ተገዳስነት ኣለካን ብዝያዳ ክትፈልጥን ትደሊ ኾይንካ፧ በዚ ዝስዕብ ቁጽሪ ስልኪ 0771-416 416 ደአውለልና። ናብ እቲ ነዓኻ ዝቐረበ ቤት ጽሕፈት መራኸቢ ስራሕ ወይ ኣርበትፎርመድሊንገን.አስአ እውን ክትከይድ ትኽእል ኢኻ።

ንስኻ